# ምስ ማርያም ደው ኢልካ ምኽአል

ንባብ፡ ዮሓ 19፡25-27።

ሰብ ብባህሪኡ ኣብ ጎኑ ምስኡ ደው ዝብል ይደሊ። ሕጊ ተፈጥሮና ከም ዝሕብሮ ንሕና ማሕበራውያን ሰባት ኢና። ንበይንና ክንከውን ኣይተፈጠርናን። ኣምላኽ መጀመርያ ምስኡ ኣምሳሉ ኮና ክነብር ፈጢሩና ድሕሪኡ ኸአ እግዚአብሔር ኣምላኽ ከአ ሰብአይ በይኑ ኺነብር ጽቡቕ ኣይኮነን። ንእኡ እትሰምዕ ደጋፊት ክገብረሉ እየ (ዘፍ 2፡18) እናበለ ማዕሪኡ ከምኡ ዝኾነት ብጸይቲ ፈጢሩ። እዚ ድላይ ኣምላኽ ከምኡ ባህሪ ሰብ ዝሓቶ እዩ። ብባህርና ምሳና ዝኸውን ንደሊ።

ድሕሪ ውድቀት ቀዳሞት ወለድና ዘይባህርና ኣእቲና ንሓውና ምጵላእ ንአይ ይጣዓመኒ ክፉእ ምግባር ንአምላኽ ዘይምእዛዝ ዝአመሰሉ ጎዳኢ ጠባያት ኣእቲና። ሰብ ንሓዉ ንሓፍቱ ከፍቅር ከቢድዎ ንጵልእን ክፍአትን ናተይ ኢሉ ሒዝዎ። እዚ እውን ዕረፍቲ ኣይሃቦን ኣብ ጸለል መለል ከም ዝነብር ገርዎ። ጵቡቕን ክፉእን ክፈልየሉ ኣብዘይኽእል ደረጃ በጺሑ። ጵምዋ በይንኻ ምኻን እቲ ዝዓበየ ስቓይ ወድሰብ ኮይኑ። ነቲ ዝጠፍአ ክመልስ ኣምላኽ ጥራሕ እዩ ዝኽእል። ኣብ ብሉይ እዋን ብነብያቱ ኣብ ዳሕረዎት መዓልታት ግን በቲ ሓደ ወዱ ነጊሩና።

ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ምልስ ኢልና እንተ ረአና እግዚአብሔር ደቂ እስራኤል ምስኡ ደው ክብሉ ካብኡ ከይፍለዩ ኢሉ ብዙሕ ጊዜ ኪዳን ይአትዎም ከምዝነበረ ብነብያቱ ገሩ ምስኡ ክኾኑ ይነግሮም ከም ዝነበረ ይነግረና። ምስ እግዚአብሔር ምኻን ምስአበዩ ይስደዱ፥ ኣብ ውግእ ይስዓሩ ጸላእቶም ይዕወቱሎም ንስደት ይኸዱ. . . ካብ ኣምላኽ ዝተፈለ ሕይወት እዚ እዩ ዝንነፎ፥ ምናልባት ግዝያዊ እፎይታ ወይ ሓጎስ ክስምዖ ይኽእል ይኸውን ግን ሓጎስ ቅሳነት የብሉን። ሎሚ እውን ኣብዙሓት ሰባት ሃገራት ዝርአ ዝወረስናዮ ሕማምም እዩ። ክንሓዊ ኣብ ኣምላኽ መለስ።

ኣርእስትና ምስ ማርያም ደው ኢልካ ምኽአል ዝብል እዩ። ተራ ማርያም ኣብ ድሕነትናን ምስአ ዘሎና ርክብ ክንርኢ እሞ ኣብቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ደው ክንብል ምእንቲ እዩ። ማርያም ኣደ መምህር፥ ሓባሪት ሓቛፊት እያ። ንሳ ጸገም ሰባት ትፈልጥ ስቓይ ትፈልጥ ስለዚ ንሕና እውን ኣብቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ክንጸንዕ ንማርያም ኣብነትና ንግበራ።

ኣብ ሓዲስ ኪዳን ምስ ማርያም ደው ዝበሉ ዝተዓወቱ ዝገልጽ ኣብነት ኣሎና። መጀመርያ ማርያም ንመድኃኔ ዓለም ኣብ ማኅጸና ጸራ ኣብ ቤት ዘካርያስ ንኤልሳቤጥ ዘመዳ ክትበጽሕ ምስ ከደት ኤልሳቤጥ ቃል ሰላምታ ማርያም ምስ ሰምዐት እት ሕፃን ኣብ ከርሳ ተሰራሰረ ንኤልሳቤጥ ድማ መንፈስ ቅዱስ መልአ ብዓብይ ድምፂውን ዓው እላ ንስኺ ኻብ ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ እቲ ኻባኺ ዚውለድ ሕፃንውን ዝተባረኸ እዩ. . . . . (ሉቃ 1፡41-45) ዝብል ንረክብ። ማርያም ኣብ እትርከቦ ኣብኡ መንፈስ ቅዱስ ኣሎ፥ ምስአ ዘሎ ምስኡ ሓጎስ ተስፋ ፍቕሪ ኣለዎ። ቤት ዘካርያስ ማርያም ምስ ኣተወቶ ሓጎስ ተስፋ መሊእዎ።

ኣብ ዮሓ 2፡1-11 ኣብ ቃና ዘገሊላ ኣብ ዝተገብረ መርዓ ማርያም ምስተሓወሰቶ ኣብኡ ተኣምራት ተገሩ፥ ኢየሱስ ክብሩ ገሊጹ ደቂ መዛምርቱ ብእኡ ኣመኑ ይብል። ነገራት ማርያም ክትሕወሶም እንከላ ኣብ ተስፋ ኣብ ሰላም ይቕየሩ። እዚ ነቲ ማርያም እትርከቦ ክሳብ ክንደይ ፍሉይ ጸጋን ዕግበት ዝህብ ኩነታት ከም ዝፈጥር ይነግረና። ማርያም ኣብ ቤትካ ኣብ ሓዳርካ ክትዕድማ እንከሎኻ ጸጋ ሒዛ እያ እትመጽእ። ጸጊሙና ዘሎ ንማርያም ኣይንዕድማን ኣሎና ድለትና ፍቕርና ክንገልጸላ ሎሚ ምስ ወዳ ንዓድማ። ማርያም ምሳና ክትህሉ እንከላ ምልኣት ሓጎስን ተስፋ ከምኡ ምልዋጥን ምህዳስን ይወርድ። ብልመና ማርያም ማይ ናብ ወይኒ ካብ ተለወጠ ክንደይ ድአ ንሕና ብልመናኣ ክንልወጥ ዘይንኽእል። ማርያም ኣብ ዘላቶ ኣብኡ ምሕረት ኣምላኽ ኣሎ።

ሓደ እዋን ንዕብየትን ኢየሱስ ዘስተምሃሮን ዝርአየት ሰበይቲ ካብቶም ኣብኡ ዝነበሩ ህዝቢ ዓው ብዝበለ ድምጺ *ዝፆረትካ ኸርሥን ዝጠቦኻየን ኣጥባትን ብፁዓት እየን (ሉቃ (11፡27)* ክትብል ተሰምዐት። ዕብየት ማርያም በቲ ኣብ ኢየሱስ ዝተራእየ ሰናይ ክትግልጾ ክኢላ። ዕብየትን ሰናይ ነገር ወለድና ዘስነቑና በቲ እነርእዮ ተግባር ሰባት ክፈልጥዎ ይክኣል። ኣብ ባህልና ሕማቕ ክገብር ንዝርኣይዎ ሰብ ምስ መዕበይኻ ጥፋእ ይብልዎ። ነቲ ዝገበረ ዘይኮነስ ነቲ ዘዕበየ ይኹንኑ ምኽንያቱ እዚ ሕማቕ ዝገብር ዘሎ እቶም ዘዕበይዎ ወይ ስለ ዘይመሃርዎ ወይ ኣብ ሕይወቶም ስለ ዘየርኣይዎ እዩ። ኣብ ኢየሱስ ዝገበሮ ግብሪ ማርያም ተራእዩ። ኣብ ደቅና እንታይ ይርአ ኣነ ዘዕበኽዎዶ ወይስ ካልእ። ሰባት ኣብ ደቅና ሰናይ ይርእዩዶ? ማርያም ኣብ ወዳ ጥራሕ ዘይኮነ ኣባና እውን ግብራ ክርአ ትደሊ እያ።

ሓደ ካብቲ ኣብ እዋና ከቢዱ ዘሎ ርክብ ወለድን ደቆምን እዩ። ርክብ የለን እንተ በልና ዝተጋነነ ኣይ ኮነንን ምኽንያቱ ርክብ እንተ ዝህልወና ኣሰርና ምሰዓቡ እምነትና ምተኸተሉ፥ ርክብና ርክብ ቊጠባን ግዙፋዊ ነገርን እዩ። ወለዲ ደቆም ኣብ ንዋታዊ ዓለም እንተ ተዓወቱ ካብ መጠን ንላዕሊ ይሕጎሱ ጽቡቕ እውን እዩ። ግን ምስ ኣምላኽ ዘለዎም ርክብ ዳርጋ ኣይዝረቦን። ንደቅና መገዲ ኣምላኽን እምነትን ኣይምሃርናዮምን። ን50-80 ዓመት ዝኸውን ስንቂ እምበር ዘለዓለማዊ ስንቂ ነስንቕም የለናን። ደቅና ስንቂ ጸጋ ኣምላኽ ተሓሪምዎም ኣሎ። ነስንቆም ንንገሮም ኣይንፍርሓዮም ይጠፍኡና ኣለዉ።

ኢየሱስ ኣብ መስቀል ኣብ ጻዕረ ሞት እንከሎ መጨረሻ ዝተዛረቦ ናይ ኣዲኡን ስዓብቱን ሓልዮት እዩ። *ኣብ ጥቓ መስቀል ኢየሱስ ከኣ ኣዲኡን ኃብቲ እኖኡን ማርያም ሰበይቲ ቀለዮጳን ማርያም መግደላዊትን ደው ኢለን ነበራ።* ዮሓንስ ወንጌላዊ ምስ ማርያም ደው ምባል ክገልጽ እንከሎ ከምዚ ይብለና፥ *ኢየሱስ ነዲኡ ነቲ ዘፍቅሮ ወዲ መዝሙሩውን ኣብ ጥቓኣ ደው ኢሉ ምስ ረአየ ነዲኡ ኣቲ ሰበይቲ እንሆ ወድኺ በላ። ነቲ ወዲ መዝሙሩውን እንሃ ኣዴኻ በሎ። እቲ ወደ መዝሙርውን ካብ ሽዑ ጀሚሩ ናብ ቤቱ ወሰዳ (ዮሓ 19፡25-27)* ይብለና ።

ኣብዚ ክፍሊ ወንጌል ዮሓንስ ብዙሕ ነገራት ክንርኢ ንኽእል። ኢየሱስ ንመገዲ ቀራንዮ ክኸይድ እንከሎ ብዙሓት ኣንስቲ የሰንያኦ ከም ዝነበራ ገሊኣን ይበኽያ ከም ዝነበራ *ኦ ኣዋልድ ኢየሩሳሌም ምእንቲ ርእስኽንን ምእንቲ ደቅኽንን ደኣ ብከያ እምበር ምእንታይሲ ኣይትብከያ* (ሉቃ 23፡28) ከም ዝበለን ነንብብ። ወንጌላውያን ብዘይ ዮሓንስ እተን ኣንስቲ ርሕቕ ኢለን ይዕዘባ ከምዝነበራ ክነግሩ ኸለዉ ዮሓንስ ኣብ ጥቓ መስቀል ደው ኢለን ከምዝነበራ ይነግረና። ኢየሱስ ኣብ መስቀል እንከሎ ሞቱ ናይ ሓድነት ምትእኽኻብ ገሩ ይርእዮ። *ካብ ምድሪ ልዕል ምስ በልኩ ንዅሉ ናባይ ክስሕቦ እየ* (ዮሓ 12፡32፥ 11፡

51-52)። እዚ ናይ ሓዋርያት ምትእኽኻብ ኣብ እግሪ መስቀል ዝገልጾ ሓዋርያት ኢየሱስ ብሓባር ኣብ ትሕቲኡ ከምዝጀመሩ ዘመልክት እዩ።

ከምቲ ኣብ መርዓ ቃና ዘገሊላ ናይ ኣደ ኢየሱስን እቲ ዝፍቅሮ ረድእን ኣብ እግሪ መስቀል ዝገልጾ መንፈሳዊ ምስጢር እዩ ዝገልጽ። ኢየሱስ ነዲኡ ከም መግለጺ ፍቕሩ ኣብ ትሕቲ እቲ ዘፍቅሮ ወደ መዝምሩ ሓዲግዋ። ኣብቲ እዋን ሓንቲ ሰበይቲ ጸግዒ ወይ ሓጋዚ ዘይብላ ክትከውን እንከላ ንብዙሕ ጸገማት ዝተጋለጸት እያ ስለዚ ንማርያም ክሕግዝ ዝተሓርየ ዮሓንስ ፍሉይ ጸጋ ተዋሂቡ። ሓጋዚ ኣደ ኣምላኽ ምዃን ንርእሱ ምስ ኣምላኽ ቀጥታዊ ርክብ ምሓዝ እዩ። ማርያም ኣብ ዘላቶ ወዳ ምስኣ ኣሎ።

ማርያም ኣብ ጥቃ መስቀል ደው ኢላ ነራ ክብል እንከሎ ብዙሕ ነገር እዩ ዘስተምህረና።

1. ምልክት ጽንዓት እዩ። እቲ ሓደ ወዳ ምእንቲ ድሕነት ደቂ ኣዳም ዝስዋእ ንዝነበረ ደው ኢላ ምስኡ ትስዋእ ነራ። ከም ኣደ ወዳ ኣብ ቅድሚኣ እናግዐረ ክመውት ክትርኢ ክበዱ ይርድኣና እዩ፥ ግን ንሳ ደው ኢላ ነራ ክብለና እንከሎ በቲ ዝወረደ ሰንከል ኣይ በለትን ጸኒዓ ንመስዋእቱ ትካፈል ነራ። ንሳ ተልእኮ ወዳ ድሮ ብመልኣኽ ተነጊርዋ ትፈልጥ ነራ እያ፥ ስለዚ እዚ ከም ዝመጽእ ትፈልጥ ስለ ዝነበረት በዚ ኸኣ ተጸናኒዓ ንመስዋዕቱ ተቐቢላቶ። ኣብ ጽንኩር እዋን ምሉእ እምነት ገርና ክንጉዓዝ እሞ ደው ክንብል ከምዘሎና ንምሃር። ከቢድ ጸገም ክወርደና እንከሎ ጸግዕና ኣብ ኣምላኽ ገርና ክንጸንዕ ማርያም ኣብነትና እያ።
2. ተኻፋሊ ስቓይ ምዃን። ማርያም ኣብ ትሕቲ መስቀል ቃንዛ ወዳ ብምልኡ ተኻፊላቶ ምስኡ ተቐንዚያ። ንሱ እውን ቃንዛ ወላዲቱ ርእዩ ንዘፍቅሮ ረድኡ ከጸናንዓ ምስኡ ክወስዳ ተላብይዎ። ነደይ ሓግዘለይ ኢልዎ። ሰባት ክሳቐዩ እንከለዉ ኣብ ጎኖም ክንከውን እንከሎና ዓቢ ተስፋ እዩ። ተኻፈልቲ ስቓይ ሰባት ክንከውን እንከሎና ፍቕርና ኢና እንገልጽ። ማርያም ኣብ ኩሉ እያ ንወዳ ስዒባቶ በዚ ኸኣ ቀዳመይቲ ሓዋርያ ንብላ።
3. ኣብ ትሕቲ መስቀል እንምሃሮ ኣሎና። ኣብ መስቀል ትርጉም ፍቕሪ፥ ተሳትፎ፥ ሕድገት ንምሃር። ቤት ትምህርቲ ጎቦ ቀራንዮ ናይ ተልእኮን ፍቕርን መሰረት እዩ። ጽኑዕ ትምህርቲ ክትቅበሎ ከቢድ ግን ዓቢ ውጽኢት ዘለዎ እዩ። ኢየሱስ ኣብ ትሕቲ መስቀል ኮና ክንምሃር ይደልየና። መስቀሉ ርኢና መስቀልና ክንጸውር። መስቀል ዓብይ ምልክት ከም ዝኾነ ኩልና ንግንዘቦ እዩ።
4. ኣብ ትሕቲ መስቀል ለበዋ ንቕበል። ምስ ማርያም ድልድሉ ርክብ ክህልወና ከምኡ ንማርያም ኣብ ቤትና ኣብ ኩሉ ሕይወትና ክንወስዳ ወዳ ይላበወና። ነደይ ምሳኻ ውሰዳ/ውሰድያ ይብለና። ንማርያም ምሳኻ ወሲድካ ምኽኣል ማለት ንኹሉ ምስጢር ወዳ ወሲድካ ምኽኣል እዩ።
5. ኣብ ትሕቲ መስቀል ዝተዋህበት ኣደና ዝለዓለት ኣደና እያ። ኣብ ክንዲ ኩልና ኮይኑ ዮሓንስ ተቐቢልዋ ሎሚ ኣነን ንስኹምን ነዛ ኣደ ኩልና ዝኾነት ብርክብና ብፍቕርና ብኹሉ ክነሓጉሳ ይግባእ። ማርያም ማእከል ቤተ ክርስትያን እያ ኣብኣ ምጽንናዕን ጽንዓትን ኣሎ።

ማርያም ኣብ መዓልቲ ጰራቅሊጦስ ንሓዋርያት ጸሎት ትመርሖም ነራ። ኣብ ሓደ ቤት ኮይኖም ሱባኤ ኣትዮም። ንምውራድ መንፈስ ቅዱስ ተሰናድዎም ነራ። መንፈስ ቅዱስ ካብ መጀመርያ ኣብ ሕይወታ ተመኪራትሉ ስለ ዝነበረት ነቲ ወዳ ክሰደልኩም እየ ኢሉ ዘተስፈዎም ትቕርቦም ነራ። መዓልቱ ምስ ኣኸለ መንፈስ ቅዱስ ተቐቢሎም። ማርያም ከስ ኣብ መንጎና ደው ክትብል እንከላ መንፈስ ቅዱስ

ንቕበል። ማርያም ምልእተ ጸጋ ስለ ዝኾነት ቅድመና ንድላይ ኣምላኽ ስለ እትፈልጥ ኣቐዲምና ክንቀርባ ኣሎና።

ማርያም ኣብ መርዓ ቃና ዘገሊላ ንሰባት ኩሉ ንሱ ዝበለኩም ግበሩ ኢላቶም። ንሳ ንዕብየታ ወይ ንሳ እንታይ ከምእትገብር ኣይ ኮነትን እትሕብረና ወዳ ዝደልዮ ክንገብር እያ እትነግረና። ወዳ ንኣይን ንኣኻትኩምን ካባና እንታይ ይደሊ እዚ ኣብ ዓቢ ምስጢር ሕይወትና ክንኣቱ ይሕግዘና። ኣምላኽ ካባይ እንታይ ይደሊ። ነዚ ክንምልስ እንተ ኽኢልና ምስ ማርያም ደው ክንብል ንኽእል።

- ካብ ክፉእ ርሒቐ ምሉእ ብምሉእ ናቱ ክኸውን ይደሊ። ናይ ኣምላኽ ክትከውን ክትገብሮ ዝግብኣካ ነገራት ኣሎ። ርእስኻ መሊኽካ ኣተሓሳስባኻ፥ ምስ ሰባት ዘሎካ ርክብ ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ክትገብር ኣሎካ። ንኃጢኣት ፎእ ክንብሎ ኣሎና። ኣነ ቅዱስ እየ እሞ ቅዱሳን ኩኑ ዝብል እዩ ቃሉ።
- ዕርቅን ንስሓን ክገብር ይደሊ። ምስ ኣምላኽን ሰብን ዕርቂ ገርና ንስሓ ክንኣቱ። ብእከየ ብእከየ እናበልና ብጥዑስ ሕልና ኃጢኣትና ክንእመን እሞ ምሕረት ኣምላኽ ክንሓትት። ዘይተነስሐ ሰብ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ደው ክብል ኣይክእልን እዩ። ብንስሓ ኃጢኣትና ሓዲብና ዕርቂ ምስ ኣምላኽ ክንፈጥር።
- ንቃል ኣምላኽ ክሰምዕ ጽን ክብል ይደሊ። ኣምላኽ ብብዙሕ መገዲ ይዛረበና ግን ኣይንሰምዖን። ፪ይ ጉባአ ቫቲካን ቤተ ክርስትያን ናይ ዘመና ምልክት ኣንቢብና ክንክእል ከምዘሎና ይነግር። ነቲ ኣምላኽ ዝሰዶ ምልክት ርኢና ክንክእል ይደሊ። ኣምላኽ ክንሰምዮ ፍቓደኣኛታት እንተ ኾና ክዛረበና ስንዱው እዩ።
- ንጸገማት ሓውናን ሓፍትናን ርኢና ክንክእል ይደሊ። ንኣይ ጠዓመኒ ሓዲግና ንሓወይ ሓፍተይ ከቐድም በረከት ኣለዎ። ዓለምና ሎሚ ኣንነት በዚሕዋ ሰባት ኣብ ንፍገትን ተጻብኦ ኣድሕድድ ወፊርና ዓለምና ነጸልምታ ኣሎና።
- ዝተበሃልካዮ ምግባር። ሰብ ዝተባህሎ ሓዲጉ ዘይተባህሎ ስለ ዝገብር ማርያም ንሱ ዝበለኩም ግበሩ ኢላቶም። ንሕና እውን ዝተበሃልናዮ ሓዲግና ካልእ ስለ ዝንገብር ሎሚ ዝተበሃልክዎዶ እገብር ኣሎኹ ኢልና ንርእስና ንሕተት። ካልእ ንገብር ከይንህሉ ንርእስና ንፈትሽ። ሕይወት ማርያም ዝተባህለቶ ምግባር እዩ ነሩ። ዝተበሃልካዮ ምግባር ንኣኻን ንብሃሊኻን ምትእምማን ዕግበት የውህበካ።

ኣምላኽ ድላዩ እናገበርና ሕይወትና ክንመርሕ እዩ ዝደልየና፥ ንድላይ ኣምላኽ ብድላይና ክንቅይሮ ኸሎና ዓላማና ኢና እንቕይር ዘሎና። ማርያም ንድላይ ኣምላኽ ኣብ ምግባር ምሉእ ሕይወታ ኣርእያ። ነቲ ኣምላኽ ካብኣ ዝደልዮ ዘይዘንግዓቶ ኣይቀየረቶ ብምልኡ ትትግብሮ ነራ። ሎሚ ኣሰር ማርያም ተኸቲልና ደው ኢልና ጸኒዕና መገዲ ቅድስና ክንመርሕ ኣሎና። ምስ ማርያም ክንጉዓዝ እንተ ኽኢልና ጉዕዞና ዕዉትን ተስፋ ዘልኦን ክኸውን እዩ።

ኦ ማርያም ኣደና ኣብ ጎንኺ ከም ዮሓንስ ደው ክንብል ካብ ወድኺ ጸጋ ልምንልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ።